Göteborgs grundskoleförvaltning

Göteborgs Stad



# ናብ ቤት ትምህርቲ ብሰላም ምጽኡ!

ውላድካ መዓስ ትምህርቲ ከም ዝጅምር ምፍላጥ ጽቡቕ እዩ።

Welcome to the school! In this brochure we've put together information which is worthwhile knowing before your child begins at the school in the autumn. You can read more on www.goteborg.se/borjaskolan

أهلا وسهلا بكم في المدرسة! قمنا في هذا الكتيب بتجميع معلومات يجدر بك معرفتها قبيل بدأ طفلك المدرسة خلال فصل الخريف الدراسي. بإمكانك قراءة المزيد على الرابط www.goteborg.se/borjaskolan

Dobro došli u školu! U ovoj brošuri smo sakupili informacije koje je dobro poznavati prije nego što vaše dijete krene na jesen u školu. Možete pročitati više na web stranici www.goteborg.se/borjaskolan

به مکتب خوش آمدید! ما در این جزوه، اطلاعاتی را گردآوری کرده ایم که به پیشوازی اینکه فرزند شما در فصل تعلیمی خزانی مکتب خود را آغاز می کند، دانستن آنها خوب می باشد.
شما می توانید که معلومات بیشتر را در این وب سایت بخوانید: www.goteborg.se/borjaskolan

Tervetuloa kouluun! Tässä esitteessä on kerätty tietoja jotka on hyvä tietää ennenkuin lapsesi aloittaa koulun syksyllä. Voit lukea lisää www.goteborg.se/borjaskolan

به مدرسه خوش آمدید! در این بروشور ما اطلاعاتی را که دانستن آن برای شما که فرزندتان در پاییز مدرسه را آغاز میکند ضروری است جمع آوری کردهایم. در این وبسایت می توانید مطالب بیشتری در این زمینه بخوانید: www.goteborg.se/borjaskolan

Ku soo dhawoow dugsiga waxbarashada! Waxaa aan buuggan yar ku soo uruirney macluumaad aan u aragno in ay fiicantahay in la ogaado ka hor inta aysan carruurtu bilaabin dugsiga waxbarashada sannad dugsiyeedka xiliga deyrta. Waxaa aad macluumaad dheeri ah ka akhrin kartaa mereega intenetka ee www.goteborg.se/borjaskolan

بەخێربێن بۆ خوێندنگا! لەم ناميلكەيەدا كۆمەڵە زانياريەكمان كۆكردۆتەوە كە وا چاكە بيانزانيت بەر لەوەی منداڵەكەت لە پايزدا دەستكات بە خوێندن لە خوێندنگا! تۆ دەتوانيت زياتر بخوێنيتەوە لە www.goteborg.se/borjaskolan

ናብ ቤት ትምህርቲ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም! ውላድኩም ኣብ ዝመጽእ ቀውዒ ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሩ ክትፈልጡዎ ኣገዳሲ እዩ ዝበልናዮ ሓበሬታ ኣብዚ ናይ ሓበሬታ ቌጽሊ ወረቐት ማለት ብሮሹር እዚ ኣስፈርናዮ ኣለና። ብዝያዳ ግን ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ እዚ ማለት ኣብ www.goteborg.se/borjaskolan ኣንብቡ።


Okula hoşgeldiniz! Çocuğunuzun sonbahar döneminde okula başlaması öncesinde bilinmesini yararlı gördüğümüz bilgileri bu broşürde topladık. Daha ayrıntılı bilgiler için: www.goteborg.se/borjaskolan

# ናብ ቤት ትምህርቲ ብሰላም ምጽኡ!

ውላድካ ትምህርቲ ዝጀምረሉ ግዜ በጺሑ ኣሎ፡ ከመይ ዝበለ መሰጢ ስጉምቲ! ከም ኣላዪ መጠን፡ ሕቶታት ክህልው ልሙድ እዩ፡ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ክፍሊ ከመይ ይሰርሕ? ውላደይ ድሕሪ ትምህርቲ ናብ ክፍሊ ፍሪቲድ ክኸይድ ይኽእል ድዩ? ከም ኣላዪ መጠን ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሩ እንታይ ክሓስብ ኣለኒ?

ኣብዚ ብሮሹር፡ ውላድኩም ኣብ ከተማ ዮተቦሪ መዓስ ትምህርቲ ከም ዝጀምር ንምፍላጥ ጽቡቕ ዝኾነ ሓበሬታ ኣኪብና ኣለና። ንሕና ኣብ ምምሕዳር መባእታ ቤት ትምህርቲ ንስኻን ውላድካን ንምጅማር ትምህርቲ ምዉቕ ኣቀባብላን

ቅድመ ምድላውንምድላውን ክስመዓኩም ተስፋ ንገብር።.



## ቅድመ ትምህርቲ ክፍሊ እንታይ ማለት እዩ?

ብቐሊሉ ንምግላጽ፡ እቲ ቅድመ-ትምህርቲ ክፍሊ፡ ኣብ መንጎ ቅድመ-ትምህርትን ናይ ቤት ትምህርቲ ስነ-ምምሃርን ኣገባብ ስራሕን ዝተዋሃሃደ ምዃኑ ክግለጽ ይከኣል። ኣብ ክፍሊ ቅድመ ትምህርቲ ዝግበር ኣስተምህሮ ውላድካ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ዝተማህሮ ዝሃንጽ እዩ። ውላድካ ግን ሓድሽ ክእለት ንኽረክብን ንኽመሃርን እውን ብድሆ ስለዘጋጥሞ ንመቐጸልታ ትምህርቱ ድሉው ይኸውን ማለት እዩ።

እቲ ትምህርቲ ውላድካ ናይ ፋንታዝያ፣ ርህራሄን ምስ ካልኦት ብሓባር ናይ ምምሃር ዓቕሙን ከማዕብል ክኽእሎ እዩ። ነዚ ድማ ብጸወታ፡ ምንቅስቓስ፡ ዳህሳስን ግብራዊ ኣገባብ ስራሕን ኢና ንገብሮ።

## ውላድካ ኣብ ድሕሪ ትምህርቲ ኣብ ዝግበር ክንክን ቦታ የድልዮ ድዩ?

ትሰርሕ ወይ ትመሃር እንተኾንካ፡ ውላድካ ቅድሚን/ወይ ድሕሪን መዓልቲ ትምህርቲ ኣብቲ ናይቲ ቤት ትምህርቲ መዘናግዒ ማእከል ክኸውን ይኽእል። ተማሃሮ ኣብ ካልእ ኩነታት ብሰንኪ ኩነታት ስድራቤት ወይ ብሰንኪ ድሌታት ናይቲ ተማሃራይ ቦታ ናይ ምርካብ መሰል እውን ክህልዎም ይኽእል እዩ። ንኣብነት፡ እቲ ቆልዓ ቋንቋ ሽወደን ኣብ ምምሃር ደገፍ እንተድኣ ኣድልይዎ ወይ ድማ እታ ስድራቤት ኣዝያ ጸቢብካ እትነብር እንተኾይና። ኣብ ማእከል ድሕሪ ትምህርትን ክፍል ቅድመ ትምህርትን ዝግበር ኣስተምህሮ ብዓቢኡ ተመሳሳሊ ኮይኑ፡ ኣብ ማእከል ድሕሪ ትምህርቲ ዝግበር ኣስተምህሮ ግን ናይቲ ቅድመ ትምህርቲ ክፍሊ እውን መመላእታ ክኸውን ኣለዎ። ብዛዕባ ኣብ መዘናግዒ ማእከላት ምምሃር ዝያዳ ኣብ www.skolverket.se ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ቅድመ ትምህርቲ ክፍሊ፣ መባእታ ቤት ትምህርትን መባእታ ፍሉይ ቤት ትምህርትን ምክፋል ብነጻ እዩ፣ እንተኾነ ግን ውላድካ ኣብ ድሕሪ ትምህርቲ ክንክን እንተሃልዩካ ክፍሊት ክትከፍል ኣለካ። ክንደይ ክትከፍል ከም ዘለካ ኣብቲ ስድራቤትካ ክንደይ ኣታዊ ከም ዘለዎም ይምርኮስ።

ንውላድካ ኣብ ድሕሪ ትምህርቲ ዝካየድ ማእከል ቦታ ንምርካብ፡ ከተመልክት ኣለካ። ኣብ መጀመርታ ሰሚስተር ውሕስነት ዘለዎ ቦታ እንተደሊኹም እንተወሓደ ክሳዕ 31 ግንቦት ከተመልክቱ ኣለኩም። ኣብ www.goteborg.se/fritidshem ከተመልክቱን ተወሳኺ ከተንብቡን ትኽእሉ ኢኹም።.

**ክርሳዕ ዘይብሉ**

ናይ ውላድኩም ቦታ ኣብቲ ናይ ትርፊ ግዜ ማእከል ክህሉ እንተዘይደሊኹም፡ ብኢ-ኣገልግሎት

ወይ ብፎርም ክትስርዝዎ ኣለኩም። ተወሳኺ ኣብ goteborg.se/fritidshem ኣንብቡ።

## ውላድኩም ትምህርቲ ክጅምር ከሎ

ትምህርቲ ዝጅምረሉ ግዜ ምስ በጽሐ ንውላድካን ንዓኻ ከም ኣላዪን መጠንን ብዙሕ ሓድሽ ነገር ኣሎ።

## ናይ ሓበሬታ ኣኼባ ንኣለይቲ

ቤት ትምህርቲ ናይ ውላድካ ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሩ ናብ ናይ ሓበሬታ ኣኼባ ክዕድመካ እዩ። ኣብቲ ኣኼባ፡ ብዛዕባ ክፍሊ ቅድመ ትምህርትን ማእከል ትርፊ ግዜ ድሕሪ ትምህርትን ናይ መጻኢ ቤት ትምህርቲ ውላድኩም ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም። እቲ ናይ ሓበሬታ ኣኼባ ኣብ ዳሕረዋይ ክፋል ናይቲ ጽድያ እዩ ዝካየድ።

## ውላድካ ነቲ ሓድሽ ቤት ትምህርቱ ክበጽሖ ይኽእል

ውላድካ ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሩ፡ እንተወሓደ ሓደ ግዜ ናብቲ ሓድሽ ቤት ትምህርቱ ክበጽሕ ይኽእል እዩ። እቲ ምብጻሕ ኣብ ዳሕረዋይ ክፋል ጽድያ እዩ ዝፍጸም። እንተተኻኢሉ ካብ መውዓሊ ህጻናት ናይ ውላድካ ዝመጸ መምህር መውዓሊ ህጻናት ነቲ ምብጻሕ ወይ ምብጻሓት የሰንዮ። እዚ እንተዘይሰሪሑ ግን ኣብ ክንድኡ ክትመጽእ ትኽእል ኢኻ። ናብ ክፍሊ ቅድመ ትምህርትን ማእከል ትርፊ ግዜን ዝግበር  ምብጻሕ ንውላድካ ናብ ቤት ትምህርቲ ዝግበር ምስግጋር ከቃልሎን ውሑስ ክገብሮን ይግባእ።



## ከም ኣላዪ መጠን ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ዝግበር ዝርርብ

ምስ ሓድሽ መምህር ውላድኩም ኣብ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ኣኼባ ክትዕደሙ ኢኹም። ኣብ እዋን ዕላል ብዛዕባ ውላድኩም ክትነግሩና ዕድል ክትረኽቡ ኢኹም። እቲ  ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ዕላል ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሩ ወይ ውላድኩም ትምህርቲ ጅምር ምስ ኣበለ ማለት ኣብ ገለ እዋን ኣብ መንጎ ሰነን መስከረምን ክካየድ እዩ።

## ውላድካ ናይ መጀመርታ መዓልታት ኣብ ቤት ትምህርቲ

ኣብቲ ናይ ሓበሬታ ኣኼባን ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መደረን፡ እተን ቀዳሞት መዓልታት ኣብ ቤት ትምህርቲ ከመይ ከም ዝመስላ ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ።

ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ፍሉይ ስለዝኾነ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ክፍልን ድሕሪ ትምህርቲ ማለት ማእከል ትርፍፊግዜ - ፍሪቲድ ምስ ፍሉይ ድሌታት ውላድካ ምትዕጽጻፍ ከድሊ ይኽእል እዩ። ውላድካ ፍሉይ ምትዕጽጻፍ እንተድኣ ኣድልይዎ፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ነዚ ኣብ ግዚኡ ክፈልጦ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ከምኡ ኩነታት፡ ቅድመ ትምህርቲ ውላድካ ክነግረካ ሕተቶ ወይ ድማ ባዕልኻ ነቲ ቤት ትምህርቲ ርኸቦ።



# ቅድመ ትምህርትን ማእከል ትርፊ ግዜን ከመይ ይመስል?

## ምብጻሕን ምምላስን

ውላድካ ኣብ ክፍሊ ቅድመ ትምህርቲ ንዝተወሰነ ግዜ ክኸውን ኣለዎ። ውላድካ ኣቖዲምካን/ወይ ድሒሩን ኣብ መዓልቲ ክንክን እንተድኣ ኣድልይዎ፡ ትሰርሕ ወይ ትመሃር ስለ ዘለኻ፡ ንውላድካ ኣብቲ ናይ ትርፊ ግዜ ማእከል ትገድፎን/ወይ ትወስዶን። ውላድካ ምሉእ መዓልቲ ውሕስነት ክስምዖ ኣለዎ፣ በዚ ምኽንያት ድማ እዮም እቶም መምህራን ኣብ መንጎ ቅድመ ትምህርትን ድሕሪ ትምህርትን ዝግበር ምስግጋር ዘሳተፉ።

## ሰዓታት ጠዓሞት ኣብ ቤት ትምህርቲ

ኩሎም ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብናጻ ምሳሕ ይረኽቡ። ውላድካ ቅድሚ ትምህርትን/ወይ ድሕሪ ትምህርትን ናብቲ ናይ ትርፊ ግዜ ማእከል እንተመጺኡ፡ ቁርስን ጠዓሞት መግብን እውን ይቐርብ። ውላድካ ፍሉይ ኣመጋግባ እንተድኣ ኣድልይዎ፡ ምስ ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርቲ ተዘራረብ። ንኣብነት ብሰንኪ ኣለርጂ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ብሕክምናዊ ወይ ሃይማኖታዊ ምኽንያት 'ውን ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ከከም ኩነታት ኣየርን ምንቅስቓስን ተኸደን

ሓደ ክፋል ናይቲ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ክፍልን ድሕሪ ትምህርትን - ፍሪቲድ ዝካየድ ኣስተምህሮ፡ ተማሃሮ ናይ ምንቅስቓስ ሓጎስ ከማዕብሉን ሓደስቲ ርኽበታት ንኽገብሩ ክድርኹን ዕድል ምሃብ እዩ።

ስለዚ ውላድካ ወቕትን ኩነታት ኣየርን ብዘየገድስ ኣብ ውሽጢ ገዛ ይኹን ኣብ ደገ ንዝግበር ዝተፈላለየ ንጥፈታት ዝምችእ ክዳውንቲ የድልዮ። ከምኡ'ውን ውላድካ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክዳውንቲ ክቕይር ከም ዘለዎ ኣብ ግምት ኣእቱ፡ እቲ ቆልዓ ብመዓልቲ ናብ ደረቕን ጽሩይን ክዳን ክቕየር እንተድኣ ኣድልይዎ ማለ ትእዩ።



## ደገፍ ቋንቋ ኣደን ምምሃር ቋንቋ ኣደን።

ውላድካ ከም ቋንቋ ኣዲኡ ብዘይካ ሽወደንኛ ካልእ ቋንቋ እንተሃልይዎ፡ እቲ ናይ ቅድመ ትምህርትን ማእከል ድሕሪ ትምህርትን - ፍሪቲድ ውላድካ ንኽልቲኡ ቋንቋ ሽወደንን ቋንቋ ኣዲኡን ከማዕብል ዕድል ንኽረክብ ኣበርክቶ ክገብሩ ኣለዎም። እዚ ዝኸውን መምህራን ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት ብዝተፈላለየ መንገዲ ንቋንቋ ኣደ ናይቲ ተማሃራይ ኣቓልቦ ብምሃብን ብምሕታትን እዩ።

ኣብ ከተማ ዮተቦሪ ካብ ዓመት 1 ጀሚርና ብቋንቋ ኣደ ትምህርቲ ንህብ

1. እዚ ብዘይካ እቶም ከተማ ዮተቦሪ ካብ ቅድመ ትምህርቲ ክፍሊ ጀሚሩ ብቋንቋ ኣደ ትምህርቲ እትህቦ ሃገራዊ ውሑዳት ቋንቋታት ንኹሎም ቋንቋታት ዝምልከት እዩ። ተወሳኺ ኣብ goteborg.se/modersmalsundervisning ኣንብቡ።

## ክፍለ ዓመተ ትምህርትን በዓላትን ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ክፍሊ

ዓመተ ትምህርቲ ኣብ ክልተ ሰሚስተር ይምቀል - ናይ ቀውዒ ሰሚስተርን ናይ ጽድያ ሰሚስተርን። ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ኮሙን ኣብ ዮተቦሪ ሓደ ዓይነት ናይ ትምህርቲ ዓመት ኣለወን። እዚ ማለት ኩሉ ሰብ ኣብ ሓደ መዓልቲ ትምህርቲ ይጅምርን ይውድእን ኩሉ ሰብ ኣብ ሓደ ግዜ በዓላት ኣለዎ። እቲ ድሕሪ ትምህርቲ - ፍሪቲድ ዝካየድ ማእከል ኣብ እዋን በዓላት እውን ነቶም ክንክን ዘድልዮም ድሕሪ ትምህርቲ ዝመሃሩ - ፍሪቲድ ተማሃሮ ክፉት እዩ። ኣብ www.goteborg.se/lasarstider ኣየኖት ዕለታት ከም ዝፍቀዱ ክትዕዘቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**ንዝሓጸረ ዕረፍቲ ኣመልክቱ**

ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ክፍልታት ምምጻእ ግዴታ እዩ። እዚ ማለት ውላድካ ኣብ ኩሉ ትምህርቲ ክሳተፍ ኣለዎ። ውላድካ ግን ምኽንያት እንተሃልዩ ሓደ ወይ ገለ መዓልታት ዕረፍቲ ክረክብ ይኽእል እዩ፣ ከም በዓል ስድራቤት ወይ ሃይማኖታዊ በዓላት ማለት እዩ።

ውላድካ ካብ ቅድመ ትምህርቲ ክፍሊ ዕረፍቲ ክረክብ ይኽእል ድዩ ኣይክእልን ዝግምግም ርእሰ መምህር ናይቲ ቤት ትምህርቲ እዩ። ንዕረፍቲ ከተመልክቱ ምስ እትደልዩ፡ ኣብ www.goteborg.se/grundskola ክትረኽብዎ እትኽእሉ ቅጥዒ ክትመልኡ ኣለኩም።

**ሕማም ምስ ዘጋጥም ውላድካ ኣብ ገዛ ክጸንሕ ኣለዎ።**

ውላድካ እንተሓሚሙ፡ ነቲ ህጻን ከም ዝሓመመ ክትሕብረሉ ኣለካ። ካብ መምህራን ናይቲ ቤት ትምህርቲ፡ ሕሙማት ብኸመይ ከም እትሕብሩ ዝምልከት ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም።

ትፈልጡ ዶ…

ኩሎም ህጻናት ካብቲ ሽዱሽተ ዓመት ዝመልኡሉ ዓመት ቀውዒ ተርም ጀሚሩ ግዴታዊ ትምህርቲ ኣለዎም። እዚ ማለት ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ክፍሊ ምክፋል ግዴታ እዩ።

## እገዳ ኣብ ልዕሊ ፍረታት

ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ከተማ ዮተቦሪ ፍረታት፡ ኣልሞንድን ሰሊጥን ኣምጺእካ ምቕራብ ኩሉ ግዜ ክልኩል እዩ። እቲ እገዳ ዝምልከት፡ ፍረታትን ሰሊጥን ኣብቶም ኣለርጂ ዘለዎም ሰባት ከቢድን ንህይወት ኣብ ሓደጋ ዘእቱን ምላሽ ከስዕቡ ስለ ዝኽእሉ እዩ። ፍረታት ምስ ኣልሞንድ ኣብ ዝተመጠጠን ዝተቖርጸን መልክዕ ናይ ምድንጋር ሓደጋ ዓቢ እዩ፣ ስለዚ እቲ እገዳ ንኣልሞንድ እውን ይምልከት። እቲ እገዳ ኣብ ኩሉ ቀጽሪ ይምልከት።



# Kulturskolan-roligt och kreativt på fritiden

Det år ditt barn fyller sex år kan du anmäla hen till Kulturskolan.  Här kan ditt barn lära sig att sjunga, dansa, arbeta med film, bild, keramik, cirkus, spela teater eller ett instrument och mycket mer. På fritiden! Läs mer på goteborg.se/kulturskolan

You can enroll your child in Kulturskolan when they reach the age of six.  Your child can come here to learn how to sing, dance, work with film, art, circus, play theatre or an instrument and much more. In their spare time! Read more on goteborg.se/kulturskolan

Lapsesi täyttäessä kuusi vuotta voit ilmoittaa hänet kulttuurikouluun (Kulturskolan). Siellä lapset oppivat esimerkiksi laulua, tanssia, filmityötä, kuvataidetta, sirkusta, näyttelemistä tai soittamista eri instrumenteilla, ja paljon muutakin. Toiminta tapahtuu lasten vapaa-ajalla! Lisätietoa on osoitteessa goteborg.se/kulturskolan.

زاوآ دناوتیم امش کدوک اجنیا رد .دینک مان تبث Kulturskolan رد ار وا دیناوت یم ،دش هلاس شش امش دنزرف یتقو
تقو رد .دزومایب ار رگید یاهزیچ رایسب و زاس ای رتائت یزاب ،سکرس ،سکع ،ملف اب راک ،ندیصقر ،ندناوخ
. goteborg.se/kulturskolanدیناوخب رتشیب یتنرتنا ٔهحفص نیرد !غراف

.نالوکس روتلوك ةفاقثلا ةسردم يف هليجست بلطت نأ كنكامإبف رمعلا نم تاونس تس كلفط غلبي امدنع
نم ريثكلاو ةادأ ىلع وأ حرسملاو كريسلاو مسرلاو مالفألا يف لمعلا ،صقرلا ،ءانغلا ملعتي نأ انه كلفط ناكمإب
goteborg.se/kulturskolan يلاتلا طبارلا ىلع ديزملا أرقا !غارفلا تاقوأ يف .ىرخألا رومألا

Kada vaše dijete napuni šest godina, možete ga prijaviti u školu kulture Kulturskolan. Ovdje vaše dijete može naučiti pjevati, plesati, raditi sa filmom, slikama, cirkusom, glumiti ili svirati instrument i još mnogo toga. U slobodno vrijeme! Pročitajte više na goteborg.se/kulturskolan

کدوک اجنیا رد .دینک مان تبث Kulturskolan گنهرف هسردم رد ار وا دیناوت یم ،دش هلاس شش امش دنزرف یتقو
یاهزیچ یلیخ و زاس نتخاون ای رتات رد یزاب ،کریس ،سکع ،ملیف اب راک ،ندیصقر ،ندناوخ زاوآ دناوت یم امش
.دیناوخب رتشیب هراب نیا رد goteborg.se/kulturskolan تیاسبو رد !تغارف تاقوا رد مهنآ .دزومایب ار رگید

Markii ilmahaagu 6 sano buuxiyo waxaad ka qori kartaa dugsiga dhaqanka (Kulturskolan). Wuxuu halkaan il-mahaagu ka baran karaa inuu heeso, qoob ka ciyaaro, ka shaqeeyo filin, sawirro, golo ciyaareed (siirkus), riwaayad ciyaaro ama qalab muusiig iyo waxyaabo kale. Wakhtiga firaaqada ah! Kasii akhri goteborg.se/kulturskolan

یروتلوک یاگندنێوخ ۆب تیسونبب یوان تیناوتەد ۆت اوەئ ەوەتاکەدرپ ڵاس شەش تەکەڵادنم کێتاک
،ملیف رەسەل ندرکراک ،ندرکامەس ،نتەو ینارۆگ یریف تێناوتەد تەکەڵادنم ەرێل .(نالوکسروتلوک)
یتاک ەل .تێببەت شیرت یتش ۆرز و کیزوم یکێرێمائ ینینەژ یان یرەگۆناش ،کرێس ،ناشێکەنێو
.goteborg.se/kulturskolan :ەل ەوەرەنێوخب رتایز  ەمەب تەرابەس !ادیڵاتەبتسەد

ውላድካ ሽዱሽተ ዓመት ምስ መልአ ኣብ ቤት ትምህርቲ ባህሊ ክተመዝግቦ ትኽእል ኢኻ። ኣብዚ ቤት ትምህርቲ እዚ ድማ ውላድካ ምድራፍ፡ ሳዕስዒት፡ ምስራሕ ፊልም፡ ስእሊ፡ ሰርከስ፡ ትያትር ወይ መሳርሒ ምጽዋትን ካልእ ብዙሕን ክመሃር ይኽእል። ኣብ ትርፊ ግዜኹም! ተወሰኺ ኣብ goteborg.se/kulturskolan ኣንብቡ።

Çocuğunuz altı yaşına geldiğinde onu Kulturskolan'a kaydettirebilirsiniz. Burada çocuğunuz şarkı söylemeyi, dans etmeyi, film çekimi, resim, sirk, tiyatro üzerine çalışmayı, enstrüman çalmayı ve çok daha fazlasını öğrenebilir. Boş vaktinde! goteborg.se/kulturskolan adresinden daha fazla bilgi edinebilirsiniz.

# ምምሕዳር መባእታ ቤት ትምህርቲ እንታይ እዩ?

ምምሕዳር መባእታ ቤት ትምህርቲ ኣብ ከተማታት ኮሙን ኣብያተ ትምህርቲ  ካብ ቅድመ ትምህርቲ ክሳብ ትሽዓተ ክፍሊ፣ መባእታ ፍሉይ ቤት ትምህርትን ድሕሪ ትምህርትን ማእኸላት ንዝካየዱ ንጥፈታት ሓላፍነት ይወስድ። ንኹሎም ተማሃሮ፡ ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ዮተቦሪ፡ ጽቡቕ ህይወት ናይ ምቕራጽ ዕድል ንኽረኽቡ ዝበለጸ ኩነታት ንምፍጣር ብሓባር ንሰርሕ።

**ንመጻኢ ቤት ትምህርቲ መንገዲ ንጸርግ።**

## ትሓስበሉ ዘለኻ ጉዳይ ድዩ?

በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትረኽቡና ትኽእሉ ኢኹም፤

**ቴለፎን**
031-365 09 60 (መራኸቢ ማእከል)

**ኢመይል**
grundskola@grundskola.goteborg.se

**ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ እውን ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።**
goteborg.se/grundskola



Grundskoleförvaltningen Göteborgs Stad 2023